# ቅዱስ መውስቦ

## ብቑዕ ኣቦ ይተክል፡ ዘይብቑዕ ይነቅል

*ብዶር. ሽሞንዲ ሃይለ፡ መድኃኔ ዓለም ቤ/ክ ዋሽንክቶን ዲሲ*

*ካብ መጽሄት ተዋህዶ ቁ. 4 ዝቐጸለ፡ 5 ክፍሊ።*

ብመጀመርታ፡ ኣምላኽ ንሰብኣይ ኣቦ ኹሉ ሕያው ክኸውን፡ ብፍላይ ድማ፡ ነቶም ካብ ሕቖኡ ዝወጹ ደቁ፡ ክሓሊ፡ ክኣሊ፡ ክናቢ፡ ክምህር ዝኽእል ብቑዕ ተኽእሎ ዘለዎ፡ ገይሩ ፈጢሮ። ንብዘሎ ምድርን ምልኣታን፡ ኹሉ ሕያው ደኹን ግዑዝ፡ ንጥቕሙ ከም ዝሃቦ ድማ፡ ቃል ኣምላኽ ኣስፊሑ ይትርኽ። እንተኾነ ኣምላኽ ነቲ ንሰብኣይ ዝሃቦ ዘበለ ኵሉ፡ ምሉእ ኴይኑ ስለ ዘይረኸቦ፡ "እቲ ሰበይቲ ዝረኽብ፡ ካብ ኣምላኽ ሞጐስ ይረክብ" ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ፡ እግዚኣብሔር ድማ፡ ነቲ ሰብኣይ፡ ካብ ኣካሉ ሓንቲ ዓጽሚ ውሲዱ፡ ንዕኡ እትመስል ሰበይቲ ሠሪሑ ሃቦ። እታ ሰበይቲ ድማ፡ ኣደ ኹሉ ሕያው ከም ዝኾነት፡ ኣዳም ባዕሉ መስከረላ። ንሳ ኸኣ፡ ኣብ ቤቱ፡ ፈራይትን ጸጋይትን ኾነት። ንዕኡ ዝመስሉ ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ወለድትሉ። በዚውን ንሱ ኣቦ ኹሉ ኾነ። ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዙ፡ ከምቲ ሥርዓት ሰማይን ምድርን ዘይተለወጠ፡ ከምኡ ድማ፡ ሥርዓተ መውስቦን፥ ሥርዓተ ኣቦን እኖን (ኣደ)፥ ሥርዓተ ምውላድን ምውልላድን፡ ሥርዓተ ኣተዓባብያ ውላድውን ከምኡ። ገለኳ ከየጉደለ፡ ገለውን ከይወሰኸ፡ ከምታ ዝተፈጥሩላ ማለት፡ ተፈጥሮኣዊ ሥርዓቶምን ባኅሪያዊ ሕጎምን፡ ተኸቲሎም ክሳብ እዛ እዋንዚኣ ይጕዓዙ እነሆዉ።

ግናኸ ሰብ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣምላኻዊ ሥርዓት፡ ናቱ ዝተተምነየ (ዝተሰነዐ) ሥርዓት እናሠርዐ፡ ክሳብ ሎሚ ክጋገ ይነብር ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ግዜና፡ ብምኽንያት ፍትሕን፡ ካብ ሕጋዊ መውስቦ ወጻኢ ምውላድን፡ ከምኡውን ገለ ወለዲ ፍትወት ገዛእ ርእሶም፡ ቅድሚ ደቆም ስለ ዝሰርዑን፡ ኣተዓባብያ ደቆም፡ ዕላምኡን መኣዝኑን ይስሕት። ብሰንኪ ድኽመት ኣቦታት ድማ ደቆም፡ ብቑዕ ኣተዓባብያ ስኢኖም፡ ክሳቐዩ ትርኢ። ሓላፍነት ደቆምውን ክሸከሙ ፈጺሞም ኣይደልዩን። ካብ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ኣቦታት ዝተወልዱ ውሉድ፡ ካብ ኣቦታቶም ዝወርስዎ ጽቡቕ ውርሻ የብሎምን።

እቲ ኩቡር ኣቦ ግና፡ ከምቲ ነብዩ ኢሰያስ "ኩቡር ሰብ ኩቡር ሓሳብ ይሓስብ" ዝበሎ፡ ኣቦነት ክቡር ጸጋዊ ህያብ ምዃኑ ብልቡ ምስ መዘነ፡ ፍትወት ገዛእ ርእሰኻ ስስዕ ቲ ከም ዝኾነ ተረዲኡ፡ ንሕይወቱ በኽ ደቁ ወፍዩ፡ ንደቁ ብሓላፍነት የዕቢ። ምስ እዚ ድማ፡ ብቑዕ ኣቦ ማለት ንገዛእ ርእሱ ምስሊ ኣምላኽ ምዃኑ ፈሊጡ፡ ንደቁ ድማ ምስሊ ኣምላኽ ምዃኖም ዘፍልጥ ጥራይ እዩ። እቲ ዘይብቑዕ ወላዲ ግና፡ ንገዛእ ርእሱ ይፈትዋ እሞ ይበቃ። ባኅርይ ወላዲ ድማ ኣየርእን። እቶም ዝወለዶም ውላዱ ድማ፡ እናዓበዩ ምስ ከዱ፡ ምስ ኣቦኦም ዘለዎም ርኽክብ፡ ኣዝዩ ይሓጽር፡ ይጸብብ፡ ከይዱ ዘይሩ ድማ ይቑረጽ። ኣብ ክንዲ ዝተክል ድማ ይነቅል።

ብቑዕ ዝተክል ኣቦ ዝብሃል ግና፦

1. ንደቁ እምነት የውርሶም
2. ነደ ደቁ ከም ነፍሱ የፍቕራ
3. ንደቁ ብዘይተጉላባ የፍቕሮም
4. ሓላፍነት ደቁ ይስከም
5. ንደቁ መገዲ ሕይወት ይምህርምን ይመርሖምን
6. ይእርሞምን ይቐጽዮምን
7. ይምዕዶምን የፍጥኖምን
8. ይእብዶምን የጸናንዮምን
9. ደቁ ኣይድርብን
10. ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ኣብ ፍርሒ እግዚኣብሔር ክጸንዑ ይምህሮም።

ንሎሚ ነታ ናይ መጀመርያ ኣርእስቲ ኣስፍሕ ኣቢልና ክንዕዘብ ኢና።

## 1. ብቑዕ ዝተክል ኣቦ ንደቁ እምነት የውርሶም

ኣቦ ምስ ኣምላኽ ምምልላስ እንታይ ምዃኑ እንተዘይፈለጠ፡ ንውላዱ እቲ ቁኑዕ መገዲ፡ ከመይ ከም ዝኾነ፡ ከመይ ገይሩ ክፈልጦ ይኽእል?

ቅድሚ ኹሉ፡ ኣቦ ኣብ ኣምላኽ እኹል እምነት ክህልዎ ይግባእ። ብቁዕ እምነት እንተ ሃለዎ ግና፡ እቲ ዝኣምኖ ኣምላኹ መራሒኡን

ኣቦኡን ኾይኑ፣ ብዓቀን እምነቱ ከም ዝባረኾ። ካብ እከይ ከም ዝሕልዎ፣ ብዘድልዮ ከም ዝምግቦ፣ ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዝፈልጥ፣ እሱ ድማ፣ ንደቁ ኣርኣያ ዝኾነሉ፣ ካብ ኣምላኹ ዝወረሶ ጽቡቅ ምሳሌ ስለ ዘለዎ፣ እምነት ኣብ ኣምላኽ የውርሶም። እቲ ዝዓበየ ሓድጊ ወይ ውርሻ ንውላድካ እተውርሶ ገንዘብ፣ ገዛ፣ መኪና ወይ ከምኡ ዝኣመሰለ ቁሳቁስ ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ ሓድግን ውርሻንሲ፣ እምነት ኣብ ኣምላኽ እዩ። ገንዘብ ኣብ ሓደ እዋን ክጠፍእ ይኽእል፣ ገዛ ኣብ ሓደ እዋን ክፈርስ፣ ክነድድ ይኽእል፣ መኪና ክትሰበር ክትጸድፍ ትኽእል። ንእምነት ግና ካብ ልቢ ውላድካ መን ክወስዶ ይኽእል? እቲ ዝኣምን ውላድካ ድማ፣ ኣብቲ ኣልቦ ዘይሰኣኖ ዝኾነ ኣምላኽ፣ ስለ ዝሠረትካዮ፣ ግደ ገዛእ ርእሱ፣ ካብቲ ሥሩት መሠረት ዝኾነ ዝኣምኖ ኣምላኹ፣ ኹሉ ከም ዝዋሃቦ ርግጽ እዩ። ከመይሲ ኣብ ሓቂ ምእማን ስለ ዝተማህረ።


መጽሓፍ ቅዱስ፣ ኣምላኽ ኣቦታተይ እናበሉ ብኣምላኽ ኣቦታቶም ዝምክሑ ውሉድ ከም ዝነበሩ ይሕብረና። (ዘፍ፣26፣24 32፣9 2ዜና መዋ፣ 17፣4 ኢሰ፣ 38፣5) ፍቓድ ኣምላኽ እንተድኣ ኾይኑ፣ ንሕናውን እንተድኣ ጽዒርና፣ ደቅና ኣነስ ንኣምላኽ ኣቦታተይ እየ ዘምልኾ ክብሉ፣ ክንሰምዮም ክፈቕደልና ይኽእል እዩ። እዚ ክብሉ ዝኽእሉ ግና፣ ነጸብራቕ ኣምላኽ፣ ኣባና እንተ ሪእዮም ጥራይ እዩ።

ስለምንታይ እዮም ደቂ እቶም ቀዳሞት ኣቦታት፣ ንኣምላኽ ኣቦታቶም ዝተኸተልዎ? ከም ቃሉ ስለ ዝሓለዎምን ዝተኸናኸለሎምን ዝሓለየሎምንዶ ኣይኮነን? እግዚኣብሔር ንኣብርሃም፣ "ንዓብዪ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን እየ፣ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፣ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ" ኢሉ ቃል ክኣትወሉ ኸሎ ነንብብ። (ዘፍ፣12፣2) ኣብርሃም ድማ ነዚ ቃል እዚ እሙን ገይሩ ኣብ ልቡ ዓቀሮ። ብመገዲ ኣምላኹ ድማ ተመላለሰ። ኣምላኽ ድማ ንቃሉ ግብራዊ ክገብሮ ኸሎ፣ ደጊማና ከምዚ ዝብል ነንብብ። "እግዚኣብሔር ንጎይታይ ኣብዚሑ ባረኾን ኣዕበዮን፣ ኣባጊዕን ኣሓን ብሩርን ወርቅን፣ ገላውን ኣግራድን ኣግማልን ኣእዱግን ከኣ ሂብዎ ኣሎ። ሳራ፣ ሰበይቲ ጎይታይ ድማ ምስ ኣረገት፣ ንጎይታይ ወዲ ወለደትሉ ንእኡ ኸኣ ዘለዎ ኹሉ ሂብዎ ኣሎ"። (ዘፍ፣ 24፣35-36) ኢሉ ኤልያዛር ግዙእ ኣብርሃም ክምስክር ከሎ ንሰምዕ።

ባርኾት ኣብርሃም ናብ ደቁን ደቂ ደቁን ሓሊፉ፣ ንሕና እኳ ከይተረፈ፣ ክሳብ ሕጂ፣ ከም ኣብራሃምን ሳራን እናበልናዶ ንዝዋሰቡ ደቅናን የሕዋትናን፣ ንባርኾም ኣየሎናን?

እቲ ንኣብርሃም ዝተዋህበ ቃል፣ ሓቀኛ ቃል ከም ዝኾነ፣ ቅድሚ ኹሉ ዝተጠቕመሉ፣ ይስሓቅ ወዲ ኣብርሃም ነበረ። ንሱ ድማ ኣነስ ኣምላኽ ኣቦይ እየ ዘገልግል፣ ከም ዝበለ ድማ፣ ኣንቢብና ኣሎና። ሎሚ ግና፣ ብዙሓት ደቂ፣ ብሰንኪ እቲ ኣይምዉቕ፣ ኣይዙሑል ዝኾነ እምነት ወለዶም፣ ወዲቖም ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ኣቦታቶም፣ ካብ ምእማን ገጾም ንድሕሪት መሊሶም ይርከቡ ኣለዉ። ኣምላኽ ኣቦታቶም፣ ድኹም ኣምላኽ እዩ ኢሎም ስለ ዝኣምኑዶ ኣይኮነን? ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣቦታቶም፣ ኣብ ኣቦታቶም ክሠርሕ ስለ ዘይረኣይዎ፣ ኣባታቶም ድማ ዝሠርሕ ኮይኑ ስለ ዘይተሰምየምዶ ኣይኮነን?

ኣቦ እንተድኣ ኬንካ ወድኻ ሎሚ "ኣምላኽካ ኣርእየኒ" ይብለካ ኣሎ። እቲ ኣብ ቤት እንገብሮ ዘበለ ኹሉ፣ ንደቅና ትምህርቲ እዩ። ኣብ መውዳእታ ኹሉ ድማ ደቅና፣ ከም ይስሓቅ፣ "ኣነስ ኣምላኽ ኣቦይ እየ ዘገልግል" ድዮም ክብሉ? ወይስ "ኣምላኽ ኣቦይ ኣገልግሎት ዝግብኦ ኣይኮነን" እዮም ክብሉ? ኣተዓባብያ ይመስክር።



**ብቑዕ ኣቦ ይተክል፣ ዘይብቑዕ ድማ ይነቕል።**

***Dr. Shemondi H. (Ph.D., Ministry) serves in the Educational branch of the Diocese and teaches in the Sunday School of the Medhanie Alem Eritrean Orthodox Church in Washington DC. He can be reached at hshemondy@yahoo.com.***